(tigrigna)

# Les Bibliothèques de la Ville de Lausanne
# Informations pratiques

ናይ ከተማ ሎዛን ቤት ንባባት
ሓበሬታ ነጠቓቕማ ቤት ንባባት



Ville de Lausanne
Les bibliothèques

**ናይ ከተማ ሎዛን ቤት ንባባት**
**ሓበሬታ ነጠቓቕማ ቤት ንባባት**

ሰነድ ናይ ቤት ንባብ ሕግታት ይገልጽ።

ብኸመይ ብቀሊሉ ንቤት ንባባት ሎዜን ክትጥቀመሉ ትኽእል የብርሀ።

## ጹማቕ


ሓበሬታ ንኣጠቃ'ቕማ ቤት ንባብ.......2
ናይ ቤት ንባባት መርበብ ኢንተርነት፡ bavl.lausanne.ch.......4
ኣብ ቤት ንባባትና እንታይ ክትገብር ትኽእል? .......5
ብ ሎዛን ኣንብብ.......7
ኣድራሻን ሰሌዳ ንጥፈታትን.......7
ደረጃታት.......9
ክሳራ ወይ ዕንወት.......11
ካልኦት ወጻኢታት.......12

**ሓበሬታ ንኣጠቃቕማ ቤት ንባብ**

**ክንደይ ዝኣኽሉ ሰነዳት ክልቃሕ ይኽእል?**
**ሰነድ** ንብሎ መጽሓፍ፣ መጽሄት፣ DVD ክኸውን ይኽእል እዩ።
ካብ ጥቅምቲ ክሳብ ግንቦት፣ 20 **ሰነዳት** ክትካረ ይክኣል እዩ
ኣብ ግዜ ክረምቲ (ሰነ 1 ክሳብ መስከረም 30)፣ 30 ሰነዳት ክትካረ ይክኣል።

**ንኽንደይ ዝኣክል?**
ሰነዳት **ን 28 ምዓልታት ክትልቃሕ ይክኣል።**
ዝተኻረኻዮ ግዜ **1 ግዜ** ክተናውሖ ትኽእል ኢኻ።

**እቶም ሰነዳት ናበይ እየ ክመልሶም ዘለኒ?**
ካብ ሓንቲ ናይ ከተማ ሎዜን ቤት ንባባት ሰነዳት ተኻሪኻ'ዶ ኣለኻ?

ብኽብረትካ ክትመሶ ይግባእ :

- ብቐጥታ ናብ ሓንቲ ካብተን **ቤት ንባባት**
- ወይድማ **ብመምለሲ ባኮታት** (ካብ ክፋት ሰዓታት ወጻኢ)።

**ዋግኡ ክንደይ ይበጽሕ?**
ክትምዝገብ ኮነ ሰነዳት ክትልቃሕ **ነጻ** እዩ።
ግናኸ ሰራሕተኛ ቤት ንባብ **ንናይ ኣጠቃቕማ መምርሒታት ከተኽብር** ክሓተካ እዩ።

ንኣብነት :

- እንድሕር ድኣ ዶንጊኻ ሰነድ መሊስካ ናይ **ምድንጓይ መቕጻዕቲ** ትኸፍል።
- ሰነድ እንተጥፊእካ ወይ እንተበላሺኻ፣ ናይ መጸገኒ ወይውን ናይ መተክኢ ክፍሊት ክትከፍል ትግደድ። እቲ ቤት ንባብ ድማ ስዒቡ መተካእታ ሓዳስ ሰነድ ይገዝእ።

**ሓበሬታ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ቤት ንባብ**

**ዝተለቃሕክዎ ሰነድ ንምምላስ ከናውሐ ይኽእል’ ዶ?**
እወ፣ እንተበዝሐ **1 ግዜ** ማለት ን ተወሰኽቲ 28 ምዓልታት ከተናውሕ ይክኣል እዩ።

እቲ ሰነድ ንኻልእ ሰብ **ተሓዚእሉ እንተዘይጸኒሑ**፣ እወ ከተናሕ ይክኣል እዩ፣

- ብተሌፎን፡ ቁጽሪ 021 315 69 15
- ብኢመይል፡ bibliotheques@lausanne.ch
- ብናይ ኢንተርነት መርበብ፡ bavl.lausanne.ch
- ወይውን ኣብቲ ናይ መለቕሒ ቦታታት ኣብ ቤት ንባብ።

**ሰነድ ተሓዚእልካ ክጸንሕ ይክኣል ድዩ?**
እወ፣ **ድሮ** ብኻልእ ሰብ **ተታሒዙ** ዘሎ ሰነድ ክሕዝኣልካ ይኽእል እዩ ነጻ እዩ። ክሕዝኣልካ ምስ እትደሊ.
ናብ ናይ ቤት ንባብ መርበብ ኢንተርነት፡ bavl.lausanne.ch

**ኣብ ከብሕታት** ተሰሪዑ ዘሎ ሰነዳት ክሕዝኣልካ ምስ እትደሊ. ኣብቲ ናይ መቀበሊ. ቦታ ዘሎ ሰብ ኣዘራርብ።

**ናብ ናይ ኣጠቓቕማ ስምምዓትና ንምብጻሕ ዘኽእሉ ጥብቆታት**
ንኽፍሊት፡ www.lausanne.ch/bibliotheques-reglement
ገምጋም ንምሃብ፡ www.lausanne.ch/bibliotheques-tarifs

**ናትና መርበብ**
bavl.lausanne.ch



## ናይ ቤት ንባባት መርበብ ኢንተርነት፡ bavl.lausanne.ch

**ኣብቲ ናይ ቤት ንባብ ገጻት እንታይ ሓበሬታ ክረክብ ይኽእል?**
ክትረኽቦ ትኽእል፣

- **መጽሓፍቲ ወይ DVD** ኣብ ናይ ኤለትሮኒካዊ ካታሎግ
- **ኣድራሻን** ናይ **ስራሕ ስዓታትን** ናይተን ኣብዚ መርበብ ዘለዋ ቤት ንባባት፣
- ከምኡውን ኩሎም ኣገደስቲ ዝርርባት።

**ኣብዞም ገጻት እንታይ ክትገብር ትኽእል?**
ኣብዚ ገጽ ክትገብሮ ትኽእል፣

- ኣብ ቤትካ ብምኂን **ሕሳባትካ ተምሓድር**
- ናይ ዝተለቅሑ ሰነዳት ድሃይ ትግበር
- ዝተለቕሑ ሰነዳት ንርእስኻ ትሓዝእ
- ንንባብ ዝኾኑ ሓሳባት ትረክብ።

ኣብዚ ገጽ ክትረኽቦም ትኽእል ካልኦት ነገራት፣

- ናይ ስልጠና ዕድላት
- ኦንላይን ጋዜጣታት
- ኤለትሮኒካዊ መጽሓፍቲ።

**ኣብ ቤት ንባባትና እንታይ ክትገብር ትኽእል?**

ሕቶ ኣለኩም' ዶ?
ብዛዕባ ሓደ ዝተወሰነ ኣርእስቲ መጽሓፍ ትደልዩ ኣለኹም?
ሰራሕተኛ ቤት ንባብ ክሕግዘኩም እዩ ኣብኡ ዘሎ።

ኣብ ናይ ሎዜን ቤት ንባባት፣ ዝተፈላለዩ ነገራት ክትገብር ዝክኣል እዩ፣

1. **መሰጥቲ ሰነዳት ትረክብ**
2. **ኣብ ጸጥታ ዘልዎ ቦታ ብምዃን ትዓይይ**
3. **ሙዚቃ ትሰምዕ ፊልምታት ትርኢ**
4. **ኣብ ኢንተርነት ትፈታትሽ**

**መሰጥቲ ሰነዳት ትረክብ**

ኣብ ቤት ንባባትና ልዕሊ 220,000 ሰነዳት ኣለዉ።

ንዓበይቲ ከምኡውን ካብ ውልዶ ጀሚርካ ንኹሎም ህጻናት።

እዞም ሰነዳት ክትረኽቡ ትኽእሉ፣

- ብነጻ መንገዲ ኣብ ከብሕታትና
- ወይውን ብ ኦንላይን ክሕዝኣልካ ብምሕታት።

ኣዚኣቶም ድማ፣

- ልበ ወለዳት
- ናይ ቀልዑ ዛንታታትን ማንጋን (manga)
- ጋዜጣታትን መጽሄታትን
- ናይ ድምጺ መጽሓፍቲ
- DVD ከምኡውን ናይ ብሉረይ ትሕዝቶታት

ከምኡውን ብተወሳኺ:

- ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ
- ኣብ ኩሉ ዓውድታት ሓበሬታ ዝህቡ ትሕዝቶታት።

**ኣብ ቤት ንባባትና እንታይ ክትገብር ይከኣል?**

**ብህድኣትን ጸጥታን ምዕያይ**

ኣብ ክፍልታትና ብሰላም ከተጽንዕን ክትሰርሕን ይከኣል።

ኣድህቦ ክትገብር ሓጋዚ እዩ።

**ፊልምታት ኮነ ሙዚቃ ክትሰምዕ ትኽእል**

ብተወሳኺ ኣብ ቤት ንባባትና፣

- DVD ክትከታተል ወይውን ናይ ድምጺ መጽሓፍ ክትሰምዕ ይከኣል
- ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ብ CD ምክትታል
- ተንቀሳቓሲት ናይ ድምጽን ቪድዮን መሳርሒት ምስ ናይ እዝኒ መስምዒ (ነዚ ንምውሳድ **መንነት ወረቀት** ኣብ መቀበሊ ክንገድፍ ንግደድ)
- ክልተ መስኩዒ ስለ ዘሎ ፊልም ኮነ ተኸታታሊ ብሓባር ኮንካ ክትሰምዕ ዝከኣል እዩ፣
- ታች ፓድ ተጠቒምካ ኢንተርነት ምፍትታሽ።

ናብ ናይ ከተማ ሎዜን ናይ ዋይ ፋይ (Wi-Fi) ኣገልግሎት **ነጻ** ዕድል ኣለካ።

**ናይ ድምጺ መስዒኺ ረሲዕካዮ?**

ኣይትሸገሩ፣ መስምዒ ድምጺ ንሕና ከነለቃሓኩም ንኽእል ኢና።

ነዚ ኣቕሓ **ኣብ ውሽጢ ቤት ንባባትና** ብሓርነት ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ንዝያዳ ሓበሬታ ንሰራሕተኛታት ቤት ንባብ ንምሕታት ኣይትሰከፉ!

**ብ ሎዛን ኣንብብ**

**Lire à Lausanne** ንዓበይትን ንኣሽቱን ዝኸውን ባህላዊ ንጥፈታት ዘለዎ መደብ እዩ።

**Lire à Lausanne** ምሉእ ዓመታት ንጥፈታት የዳሉ እዩ።

ኩሉ ነገር ነጻ እዩ!

ንናይ **ባህላዊ ኣጀንዳ** ናይ **Lire à Lausanne** ኣብ ቤት ንባብ ክወሃበካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ወይድማ ብቐጥታ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ናብ ኢመይልካ ሓበሬታ ክትቕበል ይከኣል እዩ!

**ኣድራሻን ሰሌዳ ንጥፈታትን**

**ተንቀሳቓሲት ቤት ንባብ** (**Bookmobile**)
ዝተፈላለዩ ንቑጣታት ኣብ ሎዜን
079 622 63 74
ሰሌዳ ንጥፈታትን ነቑጣታትን: www.lausanne.ch/bibliobus

**ቤት-ንባብ ቻይሊ** (**Chailly Library**)
Avenue de la Vallonnette 12
1012 Lausanne
021 315 69 70
ሰኑይ፣ ሰሉስ፣ ዓርቢ፣ 1:30 ድ.ቀ ክሳዕ 6:30 ድ.ቀ።
ረቡዕ፣ 10 ቅ.ቀ - 1 ድ.ቀ፣ 1:30 ድ.ቀ - 7 ድ.ቀ።

**ቤት-ንባብ ቻደሮን (Chauderon Library)**
Place Chauderon 11
1003 Lausanne
021 315 69 15
ሰኑይ፣ ሰሉስ፣ ረቡዕ፣ ሓሙስ፣ ዓርቢ፣ 12 ድ.ቀ – 7 ድ.ቀ።
ቀዳም: 11 ቅ.ቀ – 5 ድ.ቀ።

**ቤት-ንባብ ኢንትረ ቦይስ (Entre-Bois Library)**
Chemin d'Entre-Bois 10
1018 Lausanne
021 315 69 18
ሰኑይ፣ ሰሉስ፣ ሓሙስ፣ ዓርቢ፣ 2 ድ.ቀ – 7 ድ.ቀ።
ረቡዕ: 12 ድ.ቀ. – 7 ድ.ቀ።

**ቤት-ንባብ ዩዝ (Youth Library)**
Avenue d'Echallens 2A
1004 Lausanne
021 315 69 17
ሰኑይ፣ ዓርቢ፣ 3 ድ.ቀ – 6 ድ.ቀ።
ሰሉስ፣ ረቡዕ፣ ሓሙስ፣ 10 ቅ.ቀ - 12 ድ.ቀ፣ 3 ድ.ቀ - 6 ድ.ቀ።
ቀዳም፡ 10 ቅ.ቀ – 4 ድ.ቀ።

**ቤት-ንባብ ላሳላዝ (La Sallaz Library)**
Place de la Sallaz 4
1010 Lausanne
021 315 69 90
ሰኑይ፣ ሰሉስ፣ ሓሙስ፣ ዓርቢ፣ 2 ድ.ቀ – 7 ድ.ቀ።
ረቡዕ፣ 12 ድ.ቀ – 7 ድ.ቀ።

**ቤት-ንባብ ሞንትሮይንድ (Montriond library)**
Avenue F—de-la-Harpe 2bis
1007 Lausanne
021 315 69 80
ሰኑይ፣ ሱሉስ፣ ዓርቢ፣ 2 ድ.ቀ – 7 ድ.ቀ።
ረቡዕ፣ ሓሙስ፣ 10 ቅ.ቀ - 12 ድ.ቀ፣ 2 ድ.ቀ - 7 ድ.ቀ።

## ደረጃታት

## “በጸሒ” ምዝገባ (art.13)

| “በጸሒ” ምዝገባ | ትሕቲ 18 ዓመት | ልዕሊ 18 ዓመት |
|---|---|---|
| ቅሙጥ ሕሳብ | X | CHF 100 |

## ድንጉይ ክፍሊት

ሰነዳት ዶንጊኻ ምስ እትመልስ፣ መቕጻዕቲ ክትከፍል ግዴታ እዩ፣

| | ትሕቲ 16 ዓመት | | ልዕሊ 16 ዓመት | |
|---|---|---|---|---|
| ናይ ምድንጓይ ሳምንታት | ዝያዳ ንምኽፋል | ዝኽፈል መጠን | ዝያዳ ንምኽፋል | ዝኽፈል መጠን |
| 1ይ ሰሙን ናይ ምድንጓይ፡ ናይ ጽሑፍ መዘኻኸሪ | - | CHF 2 | - | CHF 4 |
| 2ይ ሰሙን ናይ ምድንጓይ፡ ናይ ጽሑፍ መዘኻኸሪ | CHF 2 | CHF 4 | CHF 4 | CHF 8 |
| 3rd ሰሙን ናይ ምድንጓይ | CHF 2 | CHF 6 | CHF 4 | CHF 12 |
| 4th ሰሙን ናይ ምድንጓይ | CHF 2 | CHF 8 | CHF 4 | CHF 16 |
| 5th ሰሙን ናይ ምድንጓይ፡ ናይ ጽሑፍ መዘኻኸሪ | CHF 4 | CHF 12 | CHF 8 | CHF 24 |
| 6th ሰሙን ናይ ምድንጓይ | CHF 4 | CHF 16 | CHF 8 | CHF 32 |
| 7th ሰሙን ናይ ምድንጓይ | CHF 4 | CHF 20 | CHF 8 | CHF 40 |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| $8^{th}$ ሰሙን ናይ ምድንጓይ፡ መወዳእታ ናይ ጽሑፍ መዘኻኸሪ ካባና | CHF 8 | CHF 28 | CHF 16 | CHF 56 |
| $9^{th}$ ሰሙን ናይ ምድንጓይ | CHF 8 | CHF 36 | CHF 16 | CHF 72 |
| $10^{th}$ ሰሙን ናይ ምድንጓይ፡ ዝኽፈል ቢል | CHF 8 | CHF 44 | CHF 16 | CHF 88 |



**ክሳራ ወይ ዕንወት**

እንድሕር ድኣ ሰነድ ኣጥፊእካ ወይ ኣበላሺኻ፣ ናይ መግዝኢ ዋጋን ተወሳኺ መቕጻዕትን ክትከፍል ትግደድ፣

| ናይ ሰነድ ዋጋ | ትሕቲ 16 ዓመት | ካብ 16 ዓመት ንላዕሊ |
|---|---|---|
| ትሕቲ CHF. 10 | CHF 1 | |
| ካብ CHF 10 ናብ 29 | CHF 4 | |
| ካብ CHF 30 ናብ 59 | CHF 8 | |
| ካብ CHF 60 ናብ 89 | CHF 12 | |
| ካብ CHF 90 | CHF 20 | |
| ጋዜጣ | CHF 3 | CHF 5 |
| መጽሄት | CHF 8 | CHF 10 |

ሰነድ’ዶ ኣጥፊእካ ኢኻ?
**ድሮ** መቕጻዕቲ ከፊልካ’ዶ?

ሰነዳት **ኣብ ጽቡቕ ኩነታት** ምስ ዝህልዉ፣ ናብቲ ቤት ንባብ ኣብ ውሽጥ 30 ምዓልቲ ክትመልሶ ይክኣል እዩ።
ቅብሊት ናይ ዝገበርካዮ ክፍሊት ኣርኢ።
እቲ ቤት ንባብ ነቲ ዝበዝሐ ክፍሊት ክመልሰልካ እዩ።
እቲ ቤት ንባብ CHF 10 ይዕቅብ
ድሕሪ 30 ምዓልታት፣ እቲ ቤት ንባብ CHF 15 ይዕቅብ

**ካልኦት ወጻኢታት**

| ካልኦት ወጻኢታት | ትሕቲ 16 ዓመት | ልዕሊ 16 ዓመት |
|---|---|---|
| ካርድኻ ክትልውጥ ኣለካ | CHF 5 | CHF 10 |
| ኣቀዲምካ ስለ ዘይሓበርካ ኣድራሻኻ ምፍታሽ የድልየካ | CHF 5 | CHF 8 |
| ኣቀዲሙ ዝተሓዝአ ሰነድ ክትወስድ ኣይመጻእካን | CHF 2 | |
| ዝጠፍአ ወይ ዝተበላሸወ መፈለጥታ ክትትክእ ምስ ዘድልየካ | CHF 4 | CHF 6 |
| ባኮ ወይውን መትሓዚ ናይ ሲ.ዲ ክትቅይር ምስ ትደሊ | CHF 1 | CHF 2 |
| ካብቲ ቀዳማይ ሰነድ ልዕሊ 10 ሳምንታት ምስ ትዱንጊ፣ ቢል ቆሪጽና ክንሰድድ ኢና። | CHF 50 | |
| ከሙኡውን ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰነድ ድማ ክፍሊት ክትከፍሉ ኢኹም | CHF 10 | |

| | |
|---|---|
| ብዛዕባ ካልኦት ክፍሊታት ቢል ቆሪጽና ናባኹም ክንሰድድ ኢና | CHF 30 |
| ኤለትሮኒካዊ ኣቕሓ ምስ ተበላሹ ወይ ምስ እተጥፍእ (ታብለት ወይ ናይ ኤለትሮኒካዊ መጽሓፍ መንበቢት) | ዋጋ ናይ ሓድሽ ኣቕሓ (ዝልዓለ CHF 600) |
| ናይ ታብለት መትሓዚ ምስ ትጥፍእ ወይ ተበላሹ | CHF 50 |

ናይ ቤት ንባብ መርበብ ኢንተርነት፣ bavl.lausanne.ch

FB *Lire à Lausanne*

ዩ ቱብ *Lire à Lausanne*

ቀሊል ንኽተንብቦ ናይ ምልምማድ ሕጊ፣ ፎኪስ ናይ ቋንቋ ቤት ጽሕፈት፣ Pro Infirmis





Graphisme: //DIY
Illustrations: Dora Formica